# ምንቕቓሕ 4ይ ክፋል

***ምንቕቓሕ ብነገረ-መለኮታዊ መዐቀን፡***

***ቅድመ ምንቕቓሕ***

ዮስያስ ንጉስ እስራኤል ኣብ ዙፋን ምስ ተቐመጠ ቀደማይ ዝገበሮ ንቃል ኣምላኽ ኣብ መንገስቱን ህዝቡን ማእከላይ ቦታ ሂብዎ። "ቃላት እቲ መጽሓፍ ሕጊ ምስ ሰምዔ፡ ክዳውንቱ ቐደደ።. . . ብናይ እዚ እተረኽበ መጽሓፍ እዚ ነገር ምእንታይን ምእንቲ ህዝብን ምእንቲ ኹሉ ይሁዳን ንእግዚኣብሄር ሕተትዎ፡ ኢሉ ኣዘዞም። " (2ነገ. 22፡ 13፤ 22) ንመንግስቲ ንጉስ ዮስያስ ቃል ኣምላኽ ዝወለዶ ምንቕቓሕ ማሕበራዊ ፤ መንፈሳዊ፤ ሃይማኖታዊ ፤ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ተሓድሶ ከምጽኣላ ዝኽኣል ነቲ ቀዳማይ ቀዳማይ ምስ ገበረቶ እዩ። መሰቤተ ክርስትያን ነቶም " ኣውራ ፤ ሕመረት መሰረታዊ ሓቅታት" ዳግመ-ምግላጽ ይኾነላ። እዞም መሰረታዊ ሐቅታት ይብል Lloyd-Jons ኣብ ገጽ 18 Revival: An Historical and Theological Survey ኣብ ዝብል መጽሓፉ ጽድቂ ብእምነት ጥራይ፤ ስልጣን ቃል ኣምላኽ፤ ውዱእ ዕዮ መስቀል፤ ፍጻመታት ትንሳኤን፤ ልዑላዊ ኣብ ማእከል ምእታው ኣምላኽ ኣብ ዓለምን ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ሓጥያትን ይርከብዎም። ንዓመታት ትሰብኮምን ትምህሮምን እንተጸንሐትውን ኣብ ምቅልቓል ምንቕቓሕ መዛሙራታ ጸሎታ ካብ መድረኻ ዝልቀቐ ትምርትታት ስብከታት ዓውደ-ጽንዓታት ኣብ ዓውዲ እቶም መሰረታዊ ሐቅታት ብፍሉይ ምዝውታር ዘቀንዐ ይኸውን። ምሂራቶም ሰቢኻቶም ከምዘይትፈልጥ ኣብ ልቢ መማህራና ሰበኽታ ዓቢ ስፍራ ይረኽቡ።

***እዋን ምንቕቓሕ***

J. I. Packer ኣብ " "The Glory of God and the Reviving of Religion" ዝብል መጽሓፉ ኣብ እዋን ምንቕቓሕ እግዚኣብሄር ይወርድ

1. ቃል ኣምላኽ ልቢ ሰባት ይወግእ
2. ሓጥያት ሰብ ይግሃድ
3. መስቀል ክርስቶስ ክብሪ ይውሃቦ
4. ምልዋጥ ካብ ውሽጢ ንደገ ይኸውን
5. ፍቕሪ ጥሒሳ ትወጽእ
6. ልቢ ብሓጎስ ኣምላኽ ይምላእ.
7. ነፍሲ ወከፍ ማሕበር ርእሰ ክኢላ ትኸውን
8. ጥፉኣት ናብ ቤቶም ይምለሱ
9. ሰይጣን እተመደበሉ ማዓሙቕ ይሕዝ ይርኣዩ ይብል።

እዚ ክንብል ከሎና ግና ኣብ ውልቀ ኣመንቲ ዝርኣ ሕልፍ ሕልፍ ዝበለ ምንቕቓሕት የለን ማለትና ኣይኮነን። ብመጠን እቲ ኣማኒ ምስ ጎይትኡ ዘለዎ ቅርበት እናኻዕ ብመንፈስ ኣምላኽ ይብጻሕ ይድህሰሰን እዩ።

***ሻሎም ኣሊይኽም שָׁלוֹם עֲלֵיכֶם !***